# ፬ቱ እንስሳ ዓመታዊ ክብረ ብዓል

## ኅዳር 8

ገጸ ሰብእ ወገጸ እንስሳ ገጸ ምስር ወገጸ አንበሳ ሰአሉ ለነ ፬ቱ እንስሳ ንድኅን እሞተ ኃጢአት።

**ንባባት፡** 1ቆሮ፡15፡24-27(1ጢሜ 5፡21-ፍ)፥ ራእ 4:7-ፍ(1ጴጥ 3፡18-ፍ)፥ ግ.ሓ. 5፡29-ፍ፥ ማቴ 18:10-15።

**ስብከት፡** ተፅዕነ ላዕለ ኪሩቤል ሠረረ፥ ወሠረረ በክንፈ ነፋስ፥ ወረሰየ ጽልመተ ምሥዋሮ መዝ. 18፡10-11።

ዓመታዊ ክብረ ብዓል ፬ቱ እንስሳ አብ ኅዳር 8 ተዘኪሩ ይብዓል። እዚ ክብረ ብዓል አብ ኤጳርቅና ከረን አብ ተሮንኳ፥ ጉሸ፥ ሓዲስ ዓዲ፥ ብርያና ተዘኪሩ ይውዕል። አጀማማርኡ ብርግጽ ዓመታቱ እኳ እንተ ዘይተፈልጠ ብጌረ ብለን መጀመርያ አብዚ ቦታ ክመጽኡ ከለዉ ዘምጽእዎ እዩ ይብሃል። ነዚ ብዓል ፍሉይ ዝገብሮ አብ እዋን ቀውዒ ስለ ዝብዕል ሰብ ዓመታዊ መግቡ ዝረኽበሉ ከምኡ ብዅሉ አብ ተስፋን ሓጎስን ስለ ዝብዕል ብነፍስን ብሥጋን ቀሲኖም እዮም ዘብዕልዎ። ነጋዲያን በብወገኑ ብብዝሒ ይነግድዎ፥ ካልእ ፍሉይ ዝገብሮ ካቶሊካውያንን ተዋህዶ ኦርቶዶክስን አስላምን ከይተረፉ ብሓባር ብምሉእ ሓድነትነትን ፍቕርን የብዕልዎ። ብሓባር ኩሎም ናይ ነፍሲ ወከፍ ታቦት ኡደት እናገበሩ ይጽልዩ፥ ኩሎም ንአጋይሾም ብሓባር እናተቐበሉ አብ ነፍሲ ወከፍ ዓዲ እኸለማዮም ብሓባር ይገብሩ እዚ ፍሉይ ፍቕሪ አብ ኩሉ ክዝርጋሕ ጽቡቕ አብነት እዩ።

፬ተ እንስሳ ተባሂሎም ዘለዉ መን እዮም፥ አብ እምነትና ከመይ ንርድኦም? ስለምንታይ ነብዕሎም? ምስ አምላኽ አብ ዘሎና ርክብ እንታይ ተራ አልኦም? አብ ቅዱስ መጽሓፍ አበይ ንረኽቦም?

አብ ብሉይ ኪዳን ብዛዕባ ፬ቱ እንስሳ ብዝያዳ እንረኽቦ አብ ትንቢት ሕዝቅኤል ነቢ እዩ። ሕዝ 1፡5-14 ዘሎ እንተ አንበብና ብዛዕባ እዞም አርባዕተ እንስሳ ይዛረብ፥ ንሳቶም መላእክቲ ኪሩቤላት ንመንበር አምላኽ ዝጾሩ እዮም፡ ነፍሲ ወከፍ ኪሩቤል አርባዕተ ገጽ ነበሮ፥ እወ ብሓደ ወገኑ ገጽ ብዕራይ፥ ብሓደ ወገኑ ገጽ ሰብ፥ ብሓደ ወገኑ ገጽ አንበሳ፥ ብሓደ ወገኑ ኸአ ገጽ ንስሪ ነበረ (ሕዝ 10፡14)። አብ ራእይ ሕዝቅኤል ንመንበረ ልዑል ጸሮም ይዕውዱ ንሶም ዝውክልዎ ነገር አልኦም ንመኳንንቲ (nobility)፥ ኃይሊ (strength)፥ ቅጽበታዊ/ፍጡን (Agility)። እዞም አብ ሕዝቅኤል እንረኽቦም ኩሩቤላውያን በቲ አብ ምስራቓዊ አገለልጻ ዝነበረ ዝተጸልወ እዩ፥ ብአምሳል ናይ ሰብ ምስሊ አልኦም፥አርባዕተ ገጸ ናይ ሰብ አንበሳ ላሕምን ንስርን። አርባዕተ መንገብገብን አእዳው ሰብን አልኦም። አብ ራእይ ዮውሃንስ እንረኽቦ ነዚ ብዝቐለለ መገዲ ክንርድኦ ምእንቲ አመሕያሹ የቕርቦ። ሕዝቅኤል ምድራዊ ቤተ መቕደስ አምሳል ናይ እቲ አብ ሰማይ በዞም ፬ቱ እንስሳ ዝኽብር ምኚኑ እዩ ዝሕብረና። ከምቲ ግርማ አምላኽ አብ ሰመያዊ ቤተ መቕደስ አብቲ ኩሩቤላውያን ዘኽብርዎ ዝዓሰለ፥ ከምኡ አብዚ ምድራዊ ታቦተ ኪዳን አብ ልዕሊኡ ግርማኡ አሎ።

እዚ አርባዕተ እንስሳ ዝብል አብቲ ብዛዕባ ስርዓት ሰማያውያን ፍጡራት ህዋ ዝተምስረተ እዩ (Zodiac)። አብ ጥንታዊ ርድኢት ሰባት Zodiac ንምሉእ አብ ሰማይ ዝርከቡ ከዋኽብቲ ዝጥርንፍ ስርዓት ዝወከለ እዩ። ንሰማያት አብ አርባዕተ ይመቕሎ፥ አብ መንጎ እዞም አርባዕተ ክፍልታት አንበሳ፥ ሰብ፥ ላሕምን ንስርን ይርከቡ። ተመራመርቲ ሊቃውንቲ ከም ዝብልዎ እዚኦም ፬ተ እንስሳ ንኹሎም ንአምላኽ ዘምልኹ ፍጡራት ዝውክሉ እዮም ይብሉ። አብ

ትውፊት እዞም አርባዕተ መላእኽቲ ነዚ ምድራዊ ዓለም ክመርሑ ሓላፍነት ዘለኦም እዮም ዝብል ንረክብ፥ ስለዚ ንኹሎም አብ ህዋ ዝርከቡ ፍጡራት ዝውክሉ እዮም። ዓሰርተ ኽልተ ነገደ እስራኤል እውን ምስቲ ናይ እዚ ህዋ ዘወሃህድ ስርዓት ዝተተሓሓዘ እዩ። አብ ጉዕዞ በረኻ እንከለዉ ዓሰርተ ክልተ ነገደ እስራኤል ንቤተ መቕደስ ብአርባዕተ መአዝን አኽቢቦም እዮም ዝቕመጡ ነሮም። ይሁዳ፥ ሮቤል፥ ኤፍረምን ዳንን አብ አርባዕተ ወገን ቤተ መቕደስ አኽቢቦም ይቕመጡ ነሮም። እቶም አርባዕተ ዓሌት ምስቲ ህዋዊ ምልክት ዝተተሓሓዘ እዩ። ይሁዳ ከም አንበሳ፥ ሮቤል ከም ሰብ፥ ኤፍረም ከም ላሕሚ ዳን ከአ ከም ንስሪ። አብ አምልኾኦም እስራኤላውያን ነቲ ናይ ሰማይ መገዲ እዮም ተኸቲሎም። አብ ስርዓት አምልኾኦም ከአ ነቲ ሰማያዊ ስርዓት አምልኾ እዮም ቀዲሖም፥ አብ ሓዲስ ኪዳን ዘሎ ርድኢት ከአ ብርግጽ ቤተ ክርስትያን አብቲ ሰማያዊ ስርዓት ልጡርግያ ትሳተፍ ምዃና ንአምን።

አብ ሓዲስ ኪዳን ብዛዕባ ፬ቱ እንስሳ ክንርእዮ ከሎና መሰረቱ አብቲ አብ ራእይ ዮውሓንስ አብቲ አብ ብሉይ ኪዳን እንረኽቦ አብ ትንቢት ነብያትን ዝምስረት እዩ። ነዚ ፬ተ እንስሳ ዝብል አብ ሕዝቅኤልን አብ ራእይን ዝርከብ አምሳል ናይ እቶም ፬ተ ወንጌላውያን እዩ ዝብል ካብ መጀመርያ ዝነበረ ርድኢት እዩ። በብእዋኑ እዚ ርድኢት ብፍላይ አብ ምስራቕ እናዓበየ ከይዱ ንኽልቲኡ አተሓሒዝካ ምኻድ እናዓበየ ከይዱ። ቅዱስ ኢረነዩስ እዩ ነዚ ፬ቱ እንስሳ ዝብል ምስቶም ፬ተ ወንጌላውያ ንመጀመርያ አተሓሒዙ ክገልጾ ዝጀመረ ምኽንያቱ ንክርስቶስ አብ ደቂ ሰባት ከም ዝበጽሕ ስለ ዝገብሩ።

አብ ብዙሓት አብያተ ክርስትያናት ስእሊ ፬ተ እንስሳ ንርኢ፥ ስእሊ ሰብ፥ አንበሳ፥ ላሕሚ፥ ንስሪ። አበው ቤተ ክርስትያን ማቴዎስ ብአምሳል ሰብ ይምሰል ምኽንያቱ ንወንጌሉ ብወለዶ ክርስቶስ ስለ ዝጅምሮ፥ ማርቆስ ብአምበሳ ይምሰል ወንጌሉ ብአብ በረኻ ዝጭርሕ ድምጺ ስለ ዝጅምሮ። ሉቃስ ብአምሳል ላሕሚ ምኽንያቱ ወንጌሉ ብቤተ መቕደስ ጀሚሩ ብቤተ መቕደስ ይውድኦ ቤተ መቕደስ ከአ ላሕምታት ንመስዋዕቲ ዘቐርብሉ እዩ። መጨረሽታ ዮውሓንስ ብአምሳል ንስሪ ወንጌሉ አብ ምስጢር ዕሞቕ መለኮት ክርስቶስ ስለ ዘተኵር።

አብ ራእይ ዮውሓንስ እዞም ፬ተ እንስሳ (ኵሩቤላውያን) አዒንቲ ዝመልኦም እዮም ይብለና እዚ ኸአ ፍሉጣት ምዃኖም ክገልጽ ኢሉ እዩ። ንሶም ልኡኻት አምላኽ እዮም ንኹሉ ነገር ርእዮም አብ አምላኽ ጸብጻብ የቕርቡ። እዚ ምስቲ አብ ኢሳያስ 6፡2 አብ ዙርያኡ ድማ ሱራፌል ቆይሞም ነበሩ፥ ነፍሲ ወከፎም ሽድሽተ ኽንፊ አለዎም፥ ነፍሲ ወከፍ ከአ ብኽልተ ክንፊ ገጹ ይሽድን፥ ብኽልተ ኽንፊ ድማ አእጋሩ ይሽድን፥ ብኽልተ ኽንፊውን ይነፍር ነበር ዝብል የዘኻኽር፥ (እዚ አብ አብ ቅዳሴና አብ ዘሓዋርያት ቅድሚ ምልዋጥ ንጽልዮ)። ከም ሡራፌላውያን አብ ራእይ ኢሳያስ ኵሩቤላውያን እውን ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ (ኢሳ 6፡3) እናበሉ ይዝምሩ። አብ ቅድሚ መንበር ልዑል ኮይኖም ቀጺሎም ይሰግዱሉ። ነዚ ስርዓት አምልኾ አብ ምድሪ ዘለዉ ቅዱሳን አብ ዝቕርብዎ ልጡርግያ ይሳተፍዎ። እዚ አብ ራእ 5፡1 ክንርእዮ ንኽእል እቶም መላእኽትን ዕስራን አርባዕተ ሽማገለታትን ዕጣን የዕርጉ እዚ ኸአ ጸሎታት ናይ ህዝቢ አምላኽ እዩ። ቤተ ክርስትያን አብ መስዋዕቲ ቅዳሴ ምስ መላእኽትን ቅዱሳንን ኮይና ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እናበለት ክትዝምር እንከላ አብ ሰማያዊ ልጡርግያ እያ እትሳተፍ።

፬ቱ እንስሳ እምብአር አብ መንጎ አምላኽን ሰብን ኮይኖም ክብሪ አምላኽ ዝነግሩ ከምኡ ናይ ደቂ ሰብ ጸሎት አብ አምላኽ ዘዕርጉ እዮም። ንሳቶም ፍጡራት አምላኽ እዮም እንተ ኾነ ንድላይ አምላኽ አብ ደቂ ሰባት ዘምጽኡ ንልመና ደቂ ሰብ ከአ አብ አምላኽ ዘዕርጉ እዮም።

አብ ዋዜማ ፬ቱ እንስሳ ከምዚ እናበልና ንጽሊ "እምትጉሃን መላእክት እለ ኢይነውሙ ይስአሉ በእንቲአነ ፈኑ ለነ እግዚኦ መላእከተ ምሕረት ኄራን ወመሓርያነ በቃለ ቀርን ወበሰናይ ቃል"።

፬ቱ እንስሳ ኣብ ቅድሚ መንበር ልዑል ኮይኖም ከማልዱልና ይኽእሉ እዮም ኣምላኽ ልመናና ብኣቶም ክበጽሖ ከሎ ይቐልል ካብ ብኣና ምኽንያቱ ንሳቶም ብኹሉ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝኾነ ድኻመት የብሎምን በዚ ካብ ኣምላኽ ኣባና ይልኣኹ ካባና ኸኣ ናብ ኣምላኽ ልመናና የብጽሑ።

ቅዱስ ቅዱስ ቅዱስ እናበሉ ኣብ ቅድሚ መንበር ኣምላኽ ዝቐሙ መላእኽቲ ሎሚ እውን ንነፍሲ ወከፍና ንምሕረትን ጸጋን ካብ ኣምላኽ ከማልዱልና ዕድል ይወሃበና ኣሎ። ብዓለ ፬ቱ እንስሳ ፍሉይ ዝገብሮ ክልተ ነገር እዩ።

1. **፬ቱ እንስሳ ተባሂሎም ዘለዉ ንመላእኽቲ ሰማይ እዩ ዘመልክት።** ረቀቕቲ ፍጥረት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝቐሙ እዮም። መላእኽቲ ኢየሱስ ከም ዝብለና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዝቐሙ እዮም። ስርሖም መልእኽቲ ኣምላኽ ምብጻሕን ናይ እቶም ኩሎም ድኻታት ንኣሽቱ ብሰባት ዝተፈንፈኑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግን ክቡራት ምኳኖም ምንጋር እዩ። እግዚኣብሔር ፍቕሩ ሓልዮቱ ብመላእኽቲ ገሩ እዩ ዝገልጸልና። ኣብ ዘፅ 23፥20-24 ኣብ መገዲ ክሕልወካ ኣብቲ ዘዳለኽዎ ቦታ ድማ ከእትወካ እንሆ ኣነ መልኣኽ ቀቅድሜኻ እልእኽ ኣሎኹ እግዚኣብሔር ንህዝቢ ከም ዝሕልዎም ተስፍኡ ሂብዎም። እንተኾነ ነቲ መልኣኽ ዝብሎም ክሕልዉ ክሰምዑ መጠንቀቕታ ተዋሂብዎም። ኣብ ቅድሚኡ ተጠንቀቕ ድምፁ ኸኣ ስማዕ። እምቢ ኣይትበሎ፥ ስመይ ኣብኡ ተሰምዩ እዩ እሞ በደልካ ኣይክሕደገልካን እዩ ይብሎም። ነቲ መልኣኽ ዝብሎ እንተ ሰምዑ ኣነ ንጸላእትኻ ኽጸልኦም ንዚጻረሩኻ ድማ ኽጻረሮም እየ ይብሎም። መልኣኽ ቀቅድሚኦም ከይዱ ንጸልእቶም ክስዕርዎም እዮም። መላእኽቲ እምብኣር ሓገዝትና ረዳእትና እዮም። ሎሚ ነዚ ኢና እንዝክር ዘሎና። ሓለዋ ኣምላኽ ብመላእኽቱ ክቕጽለልና። ሎሚ እውን ሓገዝ ሓለዋ የድልየና ኣሎ። መገዲ ኣምላኽ ጠፊኡና ተደናጊርና ዘሎና ውሑዳት ኣይኮናን። ሕልናና ዝሰምዖ ስኢኑ የእዊ ኣሎ ስለዚ ክንሰምዕ ፍቓደኛታት ንኹን።

2. **፬ቱ እንስሳ ከምቲ ኣበው ቤተ ክርስትያን ዘስተምህሩና እዞም ፬ቱ እንስሳ ነቶም ኣርባዕተ ወንጌላውያን እውን የስምዕ እዩ።** ኣርባዕቲኦም ወንጌላውያን ንቃል ክርስቶስ ንትምህርትን ኩሉ ኣብ ጽሑፍ ኣስፊሮም ኣውሪሶምና። ቃል ኣምላኽ ንኣና ሕይወት እዩ። ንቃል ኣምላኽ ኣብ ልብና ኣሕዲርና ክንጉዓዝ እንከሎና ሽዑ ኩሉ ንሕዝ። ቃለይ ዝሰምዕ ኣነ ኣብኡ እነብር ይብለና ክርስቶስ። ወንጌላውያን እምበኣር ሎሚ እውን ነቲ ዘውረሱና ቃል ኣምላኽ ክንሰምዖ ክፍሊ ሕይወትና ገርና ክነብር ይደልዩና። ነቲ ዝሰማዕናዮ ቃል ክንሰብኮ ክንምስክሮ ይግባእ።

መልእኽቲ ዝኽረ ብዓል ፬ቱ እንስሳ ክንሓስብ ከሎና ነዞም ዝስዕቡ ክነስተንትን ይግባእ።

1. **ኣብጻሕቲ ድለት ኣምላኽ ክንከውን።** ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ኣብ ኩሉ ዓለም ኪዱ ወንጌል ኣበስሩ እናበለ ልኢኽዎም ሎሚ ንነፍስወከፍና ክንልኣኾ ይደሊ ኣሎ። ሰላም ፍቕሪ ምርድዳእ ክነግስ ክንልኣኾ። ኣብጻሕቲ መልእኽቲ ኣምላኽ ንሕና ኢና።

2. **ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ርክብ ክህልወና ይግባእ።** መላእኽቲ ይኹኑ ወንጌላውያን ንድለት ኣምላኽ ከብጽሑ ምስኡ ፍሉይ ርክብ ነርዎም ንሕና እውን ነዚ ርክብ ክነደልድል ምስኡ ዘሎና ርክብ ብዝልዓለ ክንሕልዎ ይግባእ።

3. **ሓድነት የድሊ።** ፬ቱ እንስሳ ሓደ መልእኽቲ እዮም ኣብጺሖም ዝገራጮ መልእኽቲ ኣየብጽሑን። ሓድነት መሰረት ዅሉ እዩ። ንሕና ኣመንቲ ክርስቶስ እምነትና ሓደ ልብና ሓደ ኮና ክንካየድ ከሎና ጸገም ኣይክህልወናን እዩ።

4. **ኣብ ዕለታዊ ርክባትና ብርሃን ክንከውን።** መላእኽቲ ይኹኑ ወንጌላውያን ንሰባት እዮም ዝመርሑ። ሰባት ንፍቕሪ ኣምላኽ ርእዮም ክኽእሉ ይመርሑ። ሎሚ ንሕና ከምታ ኣብ እምባ

ዝተደኮነት ከተማ ኮና ክንበርህ ንሕተት ኣሎና። ብርሃና ንኻልኦት ኣብ ኣምላኽ ከም ዝመልሶም ክንገብር።

5. **ሓጊዝካ ምኽኣል።** መላኽቲ ሰማይ ከምኡ ወንጌላውያን ሓገዝቲ እዮም። ንሰብ ዝጎደሎ እንተሎ ከምኡ መገዲ ንዝጠፍኦ፥ ኣብ ኵሉ ክሕግዙ ንርእዮም። ሰብ ሎሚ ንኣምላኽ ርእዩ ክኽእል ሓጋዚ የድልዮ ኣሎ። ንሓቀኛ ቃል ኣምላኽ ዝነግር፥ ተደናጊሩ ኣብ ጌጋ ንዘሎ ደፊሩ ዝሕብር የድሊ ኣሎ። ኣነን ንስኹምን ኢና ክንሕግዝ ንሕተት ዘሎና።

ደቂ ፬ቱ እንስሳ ብፍላይ ነዚ ብዓል እተብዕሉ ፍሉይ ተሓድሶ መንፈስ ክተሕድሩ ይግባእ። ቤተ ክርስትያንኩም ታቦትኩም ሰናይ ቃል ኣምላኽ ዝስምዓሉ ክብሪ ኣምላኽ ዝግለጸሉ ክትገብሩ፥ ዓድኹም ሰላም ፍቕሪ ሓልዮት ዝርአዮ ጽጉም ዝሕገዘሉ ፍቕርን ሕውነትን ዝበዝሓሉ ክትገብሩ ሎሚ መብጽዓኹም ክተሕድሱ ይግባእ።

፬ቱ እንስሳ ጸሎቶምን ጽላሎምን ኣብ ሃገርና ኣብ ዓድና ክወርድ ብፍሉይ ንጸሊ።

፬ቱ እንስሳ እምብኣር መላእኽቲ ይኹኑ ኣርባዕቱ ወንጌላውያን ሓገዝትና እዮም። ምስ ኣምላኽ ክንራኸብ ባብ ዝኸፍቱልና እዮም። ለምኑልና ሓግዙና ኢልና ክንልምኖም ድላይ ኣምላኽ እዩ። ኣብዚ መከራ ዝበዝሓ ሕይወትና ኩሉ ክቕየረልና መልኣኽካ ልኣኸልና ንበሎ።

ብሩኽ ዓውደ ዓመት።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ